ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ላዕላይ ማይጨዉ ንዝተፋለላየ ኣብያተ ፅሕፈት አገልግሎት ዝዉዕሉ ዝተፋለላዩ ናይ ሞተር ሳይክል መለዋወጢ ኣቅሑትን ናይ መካይን መለዋወጢ ኣቅሑትን ብግዝኢት ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ታሕሳስ 5, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 15, 2016 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 15, 2016 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/ መለዋወጢ ኣቁሑት ሞተርሳይክል/

1 ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎን ዓመታዊ ግብሪ ዝከፈለን ናይ 2016 ዓም በጀት ንግዲ ፍቃድ ዘሐደሰን

2 ናይ ነጋዳይ መለለይ ቁፅሪ ማለት እዉን ቲን ናምበር ከቅርብ ዝክእል

3 ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝተመዝገበን ናይ ወርሒ መስከረም 2016 ዓም ሒሳብ ዘወራረደሉ መረዳእታ ከቅርብ ዝክእልን ኣብ መቅረብቲ ዝርዝር ዝተመዝገበን

4 ልዕል ክብሉ ናይ ዝተጠቀሱ ረቆሒታት መረዳእታ ዋናን ቅዳሕን ከቅርብ ዝክእል

5 ንጨረታ መከበሪ ንዘይሰዓሩ ሽዑ ዝመለስ ንናይ ሞተር ሳይክላት ኣቅሑት መግዝኢ 5000 ቅርሺ ንናይ መካይ ኣቅሑት መግዝኢ 5000 ቅርሺ ብጥረ ገንዘብ ወይድማ ተረጋጊፁ ብዝቀረበ ቼክ ከትሕዝ ዝክእል

6 ጨረታ ሰዓሪ ምካኑ ምስተገለፀሉ ኣብ ዉሽጢ 5 መዓለቲታት ቀሪቡ ዉዕሊ ክኣስረ ዝክእል

7 ሰዓራይ ዝሰዓሮ ንብረት በቲ ዝተወዳደሮ ዝርዝር መዓቀኒ መሰረት ካብ ዉዕሊ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ወሽጢ 10 መዓልቲታት ናብ ወረዳ ላዕላይ ማይጨዉ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስን ንብረት ክፍሊ አታዊ ክገብር ዝክእል

8 ሰነድ ጨረታ ዝርከብሉ ወረዳ ላዕላይ ማይጨዉ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስን ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ምምሕዳር ንብረትን ኣብ ዝርከብ ህንፃ ኣብ ምድር ቤት ኮይኑ ንናይ ሞተር ሳይክላት ኣቀሑት መግዝኢን ንናይ መካይን ኣቅሑት መግዝኢን 50 ቅርሺ ጥራሕ እናከፈል ሰነድ ጨረታ ክወስድ ይክእል

9 ተጫረቲ ንተቅርብዎ ዋጋ መሊእኩም ብሽምኩም ዝተዓሸገ ካብ 3 ታሕሳስ 2016 ዓም ክሳብ 15 ታሕሳስ 2016 ዓም ልክዕ ሰዓት 3:30 ንግሆ ኣብ ናይ መንግስቲ ሰዓት ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ምእታዉ ትክእሉ ሳንዱቅ ጨረታ ዝዕፀወሉ 15 ታሕሳስ 2016 ዓም ልክዕ ሰዓት 3:30 ንግሆ ይከዉን ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ድማ ሰዓት 4:00 ናይ ንጉሆ ተጫረቲ ወይ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ክከፍት እዩ

10 ቤት ፅሕፈት ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

11 እቲ ቤት ፅሕፈት 20 ሚእታዊ ምዉሳክ ወይ ምንካይ ይክእል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ንዝበለፀ ሐበሬታ 0913875262

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle